

## ”ደገፍን ምዝናቕን” - Stöd och Matchning

እዚ ”ደገፍን ምዝናቕን” እዚ፥ እቲ ብሓላፍነት ”ቤትስልጣን መራኸበቲ-ስራሕ” (Arbetsförmedlingen) ዚወሃበካ ኣገልግሎት እዩ። ንስኻ/ንስኺ፡ ኣብዚ ”ደገፍን ምዝናቕን” ዚብል ኣገልግሎት ክትጅምር እንተ ደሊኻ፥ ብዛዕብኡ ብዚያዳ ንምፍላጥ፥ ምስቲ ኣብ ”ቤትስልጣን መራኸብቲ-ስራሕ” ዘሎ ናትካ ፈጻሚ-ጉዳይ ተራኸብ። ምሳና ኣብ ”ኢሪስ” (**Iris**) ንኽትጅምር ድማ፥ ንስኻ/ኺ ባዕልኻ ኢኻ እትመርጽ።

# 8 ስጉምቲ ናብ ሓድሽ ስራሕ

ንዓኻ ዝኸውን ስራሕ ኣሎ! ንዓኻ ዝመርሓካ ሰብ ረኺብካ/ኪ፥ ምስቲ ናይ ”ኢሪስ” ናይ ስራሕ ካርታ፥ ነቲ ናብ ዓወት ዘብጽሕ ምሉእ መገዲ ክትጕዓዘ/ዚ ኢኻ።

ነቲ ዘሎካ ራእዩታት፡ ዕላማ፡ ከምኡ ውን ነቲ ስራሕ ንምርካብ እትጥቀመሉ ሰነዳት ንምጽብባቕ፥ ናይ ቃለ-መሕትት ኣገባብ ንምልምማድ፥ ወይ ውን ነቲ ዘሎካ ተገዳስነትን ናህሪን ክብ ብዝበለ ደረጃ ንምሓዝ፥ ሓገዝ ዘድልየካ ምኽኑን ዘይምኽኑን ብዘየገድስ፥

ናብ ሓድሽ ስራሕ ንምብጻሕ፥ ነዚ ”ደገፍን ምዝናቕን” ዚብል ኣገልግሎት ንኽትጥቀመሉ፥ ”ኢሪስ” (Iris) እቲ ዝበለጸ ምርጫኻ እዩ።

ምስቶም ግዱሳት መራሕትኻ ብሓደ ኴንካ/ኪ፥ ካብቶም ዘሎዉኻ ክእለታት ነቶም ኣገደስቲ እዮም ዝብሃሉ መረጽና፥ ነቲ ዘሎካ ድሌትን ዓቕምን ክብ ብምባል፥ እቲ ንስኻ ክተበርክቶ እትኽእል ነገራት ብሓደ ኣርኒብና፤ ንሓደ ዝሰማምዓካ ”ወሃብ-ስራሕ” ክነቕርበሉ ኢና።

እቲ ሕጂ ዘሎካ ትምህርቲን ተሞኩሮን ዘይእኹል ኰይኑ ምስ ዚርከብ ውን፥ ናብቲ ናይ ስራሕ ኩባንያ ዘእትወካ ካልእ መገዲታት ኣናዲና ክንረክብ ኢና።

ኣብዚ ምስና፡ በቲ ናይ ስራሕ ካርታ ተመሪሕካ፥ በቲ ዘሎካ ናትካ ናህሪ፥ ስጉምቲ ብስጉምቲ ክትጕዓዝ ኢኻ። እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ እቲ ንዓኻ ዝሰማምዕካ ቅኑዕ ነገር ክንገብር እዩ።

### ናብ Iris ብደሓን ምጹ!

- ናይ ዓቕምታትካ ግምገማ ምግባር
- ንዝሰማምዓካ ዕዳጋ-ስራሕ ምግምጋም
- ናይ ስራሕ ፕሮጀክኻ ምቕራጽ
- ”ሲቪ”ን ምልክታን
- ርክብ ምስ ኩባንያታት
- ልምምድ ቅለ-ምልልስ
- ናይ ምዝናቕ ጕጅለ
- ናይ መስመራት ትምህርቲ መምርሒ
- ልምምድ

iris

Iris ንብዙሓት ሰባት ካብ ተወጋድነት ኣላቒቑ፥ ገዛእ ነፍሶም ከመሓድሩ ን100 ዓመታት ዝሓገዘ ዝሓገዘ እዩ። Iris ክሳብዚ ዘሎናዮ ጊዜ ውን፡ ዓቕምታት ዘበራትዕን ናይ ምትሕውዋስን ምዝናቕን ስጉምቲታት እናወሰደ፥ ሰባት ናብ ዕዳጋ ስራሕ ንምእታው ይሰርሕ ኣሎ። Iris ሓደ ኣካል ናይቲ ”Irisgruppen” ዝበሃል፥ ኣብ ሸወደን ብውጽኢታዊ ትምህርትን፡ ዓበይቲ ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ምምሕዳር ንኽበጽሑ ኣብ ዚግበር ናይ ሓገዝ ወፍሪን፥ ቀዳማይ ተዋሳኢ ኩባንያ እዩ። ”Irisgruppen” ንንጥፈታት Iris, Medlearn ከምኡውን Competens ዘጠቓልል ኩባንያ እዩ። ኣድራሻ ኢንተርነት **www.iris.se**